# ዕለት 25-07 ዓለምለኻዊ መዓልቲ ዝኽሪ ግዳያት ባርነት

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራበር

25/07 ዓለምለኻዊ መዓልቲ፡ ግዳይ ነገደ-ባርነት፣ እትዝከረላን ልዕሊ 15 ሚልዮን ኣብ ባርነት ዝጠሓሉላን፣ንኣስታት 400 ዓመት ብዘይምቁራጽ ዝቕጽል ዝነበረ፡ብቓልሲ እቶም ብሓይሊ ባሮት ዝኾኑ ዝተቛረጸ፣ ግናኸ መልክዑ ለዊጡ ዝቕጽል ዘሎ፣ነዚ ነገር ንምቅላሱን፣ ነቲ ዝተቛረጸ ንምዝካርን እዛ ኣብ ላዕሊ ተጻሒፋ ዘላ ዕለት ክትብዕልን፣ መዓልቲ ዘተን ዝኽርን መተሓሳሰቢን ክትከዉን ወሲኑስ ዓመት መጸ፣ ኣብ ኹሉ ሃገረትን መጋባበእያታትን ድርጅታት ኣዳባባይን ፣ብመልክዕ ዘተ ይኹን ቲያትር፣ መደረታት፣ ሰላማዊ ሰልፍታት፣ ብምዝውታር ብዕምቆት በቢ ዓይነቱ ምውሳእ ይርአ።

ከም እንፈልጦ ባርነት ካብ ርሑቕ እዋን ዝተወሰደ ውርሻ ኣይኮነን፡ኣብዛ ንነብረላ ዘሎና እውን ህሉው ኮይኑ፣ ብዝተፋላለየ መልክዓት ጎሊሑ ዝርአ ኩነት/ነገር እዩ።

እቲ ከም መስተንክር መርኣያ ባርነት-ደቂ ሰባት ከም ኣቕሓ ክሸየጡን ክልወጡን ምርኣይ እዩ፤ እሱ ክኣ መግለጺ/ትርጉም ከም ፕሮቶኮል ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር መሸጣ ደቂ-ሰባት ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡" ሓይላዊ ክተባ፣ ምጓዓዝያ ሰባት፣ ምስግጋር ደቂ-ሰባት፣ብዘይድልየት፣ ብሓይሊ ሰውነተን ንምሻጥ(ክምንዝራ)ምግዳድ፡ንተኣፈፍቲ/ተነቀፍቲ ደቅሰብ ብዘለካ መዓርግ ክትጠቀሞሎም ምግባር፣ገንዘብ ወይ ካልእ ዓይነት ብምሃብ ብምዕሻሻው ንትሕቲ-ዕድመን ተነቀፍቲ ደቂሰባት መርወይ ድልየትካ ምጥቃም፣ ምጭዋይን/ምስራቕን ደቂ ሰባት፣ብዘለካ መዓርግ ተጠቒምካ ብግድነት ብዘይ ደሞዝ ናትካ ሰራሕተኛ ኮይኖም ከገልጉሉኻ ምግባር፣ ኣካላት ደቂ ሰባት ምሻጥ፣ ብሓጺሩ ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ዓመጽ-ግፍዒ-ዘይቅጥዓዊ ስርሓት፣ብምዝካር ንኹሉ ኽብሪን መሰልን ደቂ ሰባት፣ንኽይጣሓስ እትዝከር መዓልቲ እያ፡፡

ዓለምለኻዊ ብመሸጣ ደቂ ሰባት ዝግደሱ ትካልት፣ ዝሃብዎ ጸብጻብ ኣብ 2014 ዓ.ም. ብዘይካ እተን ኣብ ሕቲ ዲክታተርነት ስርዓታት ዝርከባ ሃገርት ገዲፍካ፡ 2. 5 ሚሊዮን ደቂ ሰባት ኣብ ባርነት ይርከቡ፣መብዛሕትኦም 60% ትሕቲ ዕድመን ደቂ ኣንስትዮን ምዃኖም ይሕብር፡፡ዕዳጋ/መሸጣ ደቂ ሰባት፣ከም መኽሰባዊ ዕብየቱ ኣብ ሳልሳይ ቦታ ዝርከብን 32 ሚሊያርድ ኣመሪካን ዶላር ኣብ ዓመት ዝርከቦ እቶት ኮይኑ ብሓቂ እቲ ኣኽሳቢ ወንጀላዊ ወይ ገበናዊ ዕዳጋ/ስርሓት ምዃኑ ጸቒጡ የብርህ፡፡ብፍላይ ስደኛታት በቲ ናታቶም ተኣፋፍነት/ተነቃፍነት vulnerableness ጥራይ ዘይኮነስ እተን ከዕቅብኦም/ክካታተልዎምን ዝግበአን ሃገራት፣ከም ጸገም ገይረን ስለ ዝወስድኦም ከምዘይናተን ብምርኣይን ዕሽሽ ኢለን ብዘይ ተገዳስነት ኣብ ጫካ መስርሕ ናይቶም criminal ወንጀለኛታት ኣብ ኢዶም ክወድቁ ይሓድግኦም።ገበኛታት ክኣ ኣብ ዕዳጋ ደቂ-ሰባት የዋፍርዎም፤ እቲ ኣብ ሃገረም ወርዶም ዝነበረ በቢዓይነቱ ግፍዒን ባርነትን ኣምሊጦም ድሕሪ እዚ ዘይብሃል ጸገማት ሲዒሮም ራህዋን ብልጽግናን ሰላምን ንምርካብ ዝነበር ሕልሞም፣ ኣብ ኢድ ሸፋቱ/ወንገለኛታት ይወድቁ፣ ሕልሞም ትቋሪጹ ኣብ ሓድሽ ባርነት ይሳገሩ፡፡ብፍላይ ክኣ እቶም ንይ ፖለቲካ ዕቑባ ክረኽቡ ዘይካኣሉ ኣብዚ ሓደጋ ክወድቁ ግድነት እዩ።ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግደታዊ ምንዝርና የእትውወን፣ስጋብ መሸጣ ኣከላት ደቂ ሰባት ይጉነፍ፣ነቶም ትሕቲ ዕድመ ዘይሕጋዊ ውላድ ስድራቤት ይኾኑ እሞ፣ስነ-ኣምራዉን፣ጸቕጣውን ምፍርራሕን ዘለዎ ሕማቕ ሂውትን፣ኣብ መንነትካ ምንዳይን ክትነብር ትግደድ።ኣብዝን ከምዝን ኻልኦት ጹዑቕ ጸገማት ዘለዎ እዋን ኢና ንነብር ዘሎና፡፡

ጽቡቕ ድልየትን ምድንጋጽን እኹል ኣይኮነን ፣ ኩሎም ኣብ ሓደጋን ጸገምን ዝርከቡ ዜጋታት ሰብኣዊ መሰል ምውሓስን፣ ድገፍ (solidarity) ምሃብን፣ ሓደ ካብቲ ሕግታት ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፈረማሉ ስለ ዝኾነ ክኽብር ይግባእ። ብፍላይ እተን ደሞክራሲያውያን ኢና ዝብላ ሃገራት እሞ ግደታአን'ዉን እዩ። እቲ ዝበለጸ ስምረትን ምትሕግጋዝ ህዝብታት በቲ ጉቡእ መልኽዑ ዝካናወን ነይሩ እንተዝኸውን ክኣሞ ደቂ ሰባት ካብ ዓዶም ገዲፎም ናብ ካልእ ኣይምተሰዱን። ስለዚ ኩሎም ስርዓታት ዓለም ካብ ድሩኽነት ኢጎዩስት/ስሱዕነት ወጺኦም ኣብቲ ናይ ብሓቂ ምድግጋፍ እንተ ዝኣትዉ ብሰላምን ፍቕርን ሕውነትን ክንበር ምተኻእለ። እተን ብቕጠባ ዘይማዕበላ፣ዲሞክራስያዊ ምሕደራ ዘይብለን ሃገራት፣ድማ ህዝብታተን ነቒሖም ንመሰሎም ክቃለሱ ካብ ምሕባርን ምጽዋዕን ካልእ ከም ኣማራጺ ኣይህሉን፤ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ለውጣት ብቃልሲ ህዝቢ ስለ ዝመጽእ።

ኩቡራት የሕዋት ነዛ መዓልቲ እዚኣ ብምዝካር ንህልው ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ዝሓወስ ምስ ኣቦ ወንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ **ምይይጥ/ዘተ** ስለ ዝገበርና፡ሕጽር ዝበለን ብተኻታተሊ ናይ ዘተና ውጽኢት ከቕርብርልኩም ኣፍቒድለይ።

ኣነ ከም ዝፈልጦ ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ ኣቦ ወንበር ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ምስ ኣባላቱ ይኹን ምስ ካልኦት ዜጋታት ሓለፍቲ ውድባት ምንቅስቓሳት ውልቀ-ሰባት በቢእዋኑ ከም ኣጋባቡን ኣገዳስነቱን ብምርኻብ ይዛተን ንዝቐረቦ ሕቶ ንክምልስ ቁሩብን ክፉቱን ምዃኑ እየ ዝርዳእ። በዚ ኣጋጣሚ Epdparty official Websaite ሓደ ዓምዲ ቀጥታዊ ርክብ ምስ ኣንበብቲ ብመልክዕ ሕቶ መልስን ምስ ኣብ-ወንበር ዝብል ዓምዲ ከተኣታትዉ ይዕድም።

ኣቕራርባይ ጸሓፋይ ከም ሓታትይ(ሓ)፣ ኣቦ ወንበር ተስፋሚካኤል መላሳይ (መ) ገይረ ከቕርቦ ክፍትን እየ።

ሓ. ቅድሚ ኩሉ እቲ ብህዝብና ዝረኸቦ ዘሎ ኣስፈሕና ከነዕለሉ ኣገደሲ እኳ እንተኾነ በቢመድረኹ ከነዕልል እናሓተትኩ 25/07 ዓለምላኻዊ መዓልቲ፡ ዝኽሪ ግዳያት-ባርነት ትኽብረላ ፍልይቲ-ዕለት፣ ስርዓት ኢሳያስ ኻብታ ተኣሲሩላ ዝነበረን ዘሎን እገዳ ክልቀቐሉ፣ ናብ ኮሚሽን እገዳ ጥርዓን ወኸሳ ክግበረሉ ከም ዝሓተተ ብምዲያ ሰሚዕና በወገንካ እንታይ ትብል ?

መ. ሰላም፡- እወ ከምዚ እንሰምዖ ዘሎና ሃታሃታ ብምባል፣ከምቲ ዝርኣየናዮ ትያትር ኣዲስ-ኣበባ ኣስመራ ናይ ክልተ መራሕቲ ንሰብ ገረሞ፣ክብሃል ዝከኣል፡ በቶም ዝልኣኽዎም መሻርኽቶም ክሽለሙን ገንዘባዊ ሓገዝ ክረክቡን ንሰምዕን ብተለቪጅን ንርእዮም ኣሎና። ሲዒቡ ፕረሲደንት ረፑብሊክ ሶማልያ መሓመድ ዓብደላዚ መሓመድ ኣብ ኣስመራ ብምኻድ እቲ ቅድሚ ሕጂ ብስራዓት ኢሳያስ ተነጺጉ ዝነበረ ሎሚ ኑቡር ርከብን ዝምድና ክገብሩ ተሳማሚዖም ምህላዎም ሪኢና። እዚ ናይ ክልተ ሃገራት ሁጹጽ ምሕዝነተት ነቲ ኣብ እታ ናይ እገዳ ኮሚሽን ኣብ ርእሲ ስርዓት ኢሳያስ ክልቀቐሉ ኣብዛ ዕለት25/07 ዘኽረ ግዳያት-ባርነት አግጣሚ ምሕታቶም ብጣዕሚ እዩ ዘታሓሳስበካ ጥራይ ዘይኮነስ፣**ፖለቲካዊ ሽርሒትን ኢድ ሓያልት ሃገራትን ንጉብልልና ዝዋዳደራ መንግስትታትን ዝግበር ኣምረ ፖለትካ ምዃኑ ጎሊሑ ይርኣየካ** ። ምኽንያቱ ስርዓተ ውልቀ መላኺ ንህዝብና ካብ ዝእግዶ 27 ዓመት ሓሊፉን ይቕጽልን ከሎ፣ ኩሉ እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ግፍዕታት፡ከም'ቲ ፕሮቶኮል ናይ ኮሚሽን መሰል ደቂ-ሰባት ዝሕብሮ፣ዋላ ሓንቲ ዘይገበራ ነገር የላን። ብዝያዳ እኳ እቲ በዚ ውልቀ መላኺ ዝገብሮ ገበናት ኣብ ቤት ፈዲ ህግ ከቕርቦ ዝኽእል ክነሱ፡ አብዛ ውቕቲ/እዋን ብወገን መንግስታት እርትራ/ኢትዮጵያ/ሶማል ዝሓወሰ እገዳ፣ ካብ ርእሲ ውልቀ-መላኺ ክልገሰሉ ክሓቱ ሪኢና፣ **እቲ ኮሚሽን ግን ግዜ ክወስድ** እእዩ ወሲኑ። ብወገን እዚ እከይ ስርዓተ ኣስመራ ንዑኡ ኩሉ ውሁብ ገይሩ እዩ ዝወስዶ፤ ዓለምና ግን ከምኡ ኣይትኸይድን እያ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ህዝብና ካብ ዝእገድ 27 ዓመት ኮይኑ ኣሎ፡መሰል ኤርትራውያን ተረጊጹ፣ፖለቲካውያንን፣ መንፈሳውያን፣ ዓበይቲ-ዓድን፣ ደቂ-ኣንስትዮን፣ መንእሰያት ዋላ ሓንቲ በደል ዘይገበሩ ክነሰም፣ስለ ፍትሕን/ርትዕን፣መስልን ዝሓተቱ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ናብርኦም፤ ዘይሓፍር ዱሙስ ገብረማርያም ሽሙ ከምዝባሃል፡እዚ ባህርያቱ ዘይልውጥ ግፍዐኛ ስርዓት፣ ኣብ ህዝቡ ዘውርዶ ዘሎ ገበን/ግፍዒ ዝተሸፈነ ወይ ዘይፍለጥ ገይሩ ድዩ ዝወሰዶ ? ዘገርም ምስ ኢትዮጵያን ሶማልን ንቡር ዝምድናታት ምግባርስ ንሓጥያታቱ ዝድምሰሰሉ ጌሩ ድዩ ዝሓስቦ ?ዕሽልነት ኢልካ ዝሕለፍ ኮይኑ፣ናትና በታዊ ዕዮ ስራሕ ግን፣ኩሎም ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝንቃሰቕሱ፣ውድባትን፣ምንቅስቓሳትን፣ህዝብናን፣ንኹላትና ዝጥርንፍ **ጽላል** ሃሉዩና ብሓደ ድምጺ፣ንመጋባእያታት/ድርጅታትን ዓለም፡በዚ ስርዓት እዚ ኣብ ህዝብና ዝፍጸም ዝነበረን ዘሎን ግፍዕታት/ገበናት፣ዘይውዳእ ዕቃበ ኣብ ርእሲ ህዝብና አውርድዎ ዘሎ ከልግስን፣ እቲ ዘድሊ ጸቕጢ ምድፍፋእ ናብ ግዝኣተ-ሕጊ ክግበረሉ ካብ ምሕታትን ምጽዋዕን ድሕር ክንብል ኣይግባእን።ኣውራ ግን ህዝቢ ብምልዓል መሰረታዊ ለውጢ ንኽመጽእ ምጽዓር ጥራይ ዘይኮነስ ግዚኡ እዉን በጺሑን ዓዳምን እዩ ዝመስል ዘሎ፡እዚ ወርቃዊ ታሪኻዊ እዋን ከይምልጠና ብሓይልን ቁርጡው ኣጋባብ ክንቃለስ ይግባእ፡፡ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ 25/07 መዓልቲ ዝኽሪ-ባርነት፣ኣብ እቲ ዘርእዮን/ዝምልከቶን ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካላት ወጽዓናን፣ባርነት ህዝብናን ክንገልጽ ዘይምኻኣልና ስጋብ ክንደይ ጉድለት/ድኻምን ሕምቀትን ከም ዘሎና ይርኣየካ። ስለዚ ናይ ግድን ሓደ ንኹላትና ዝጥርንፍ ባይታ የድልየናን ህጹጽነት ከም-ዘሎዎን ይበርሃልና፡፡

ሓ. **ምይይጥና/ዘተና** ጹቡቕ ነይሩ ግን ነንበብቲ ክይነውሓም መእንቲ እንተ ደኣ ፍቓደኛ ኮንካ ካልእ መዓልቲ ክንቅጽሎ እንታይ ትብል ?

መ. ጸገም የለን ኣብ ዝደለኻዮ ደውለለይ እሞ ቆጸራ እና-ገበርና ክንቕጽሎ ንኽእል ኢና፤ ንተቦግሶካ ኣብ ርእሲ ምንኣድ የመስግን'ውን፡፡

ሓ. የቐንየለይ ቃል ይኣቱ ብዝካኣለኒ መጠን ክትርጉሞ፣ስለምንታይሲ ናይ ውድባት መራሕቲ ምስ ህዝቦም ብዝተፋላለየ መገዲ ክራኸቡን ክዛተዩን ኣለዎም። ምስ ህዝቡኹም ምዝታይን ሓስብ ህዝብኻ ምፍላጥን እቲ ክግበር ዘለዎ ስራሕ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ብድሓን የራክበና

ሕ.ኣ.ተ.ተ.